# ሓድሽ ፍጥረት



**ብዘርእሰናይ ብርሃነ**

## ሓድሽ ፍጥረት

### መእተዊ

ኣብ ናብራና ዝተፈላለየ ዓይነት ዕንቅፋታት እንዳ ሰገርናን ተሳገርናን ኢና እንነብር። ሓደ ካብቲ ዝዐበየ ዕንቅፋት ድማ ኣብ ቀዳማይ ትምህርትና ርኢናዮ ኣሎና። ሰብ ንኣምላኽ ከገልግልን ሓሳብ ኣምላኽ ክገብርን እንዳደለየ ግና ኣይሰልጦን፡ ዋላ እኳ እንትፈተነ'ውን ኣብ ውሽጡ ኮይኑ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዝጻረር ነገር ከም ዘሎ ርኢና ኢና። ኮይኑ ግና ብክርስቶስ ሓደሽቲ ፍጥርት ኢና፡ ኩሉ እቲ ኣረጊት ሓሊፉ ኩሉ ሓድሽ ኮይኑ እዩ። ስለዚ ንሕና ንሓደ እኳ ብቀደም ኣይንፈልጦን ኢና። ምኽንያቱ ኩሉንትንኡ ብክርስቶስ ተሓዲሱ እዩ። ሰብ ሰለስተ ነገር ዝሓዘ ኮይኑ፡ መንፈስ (ምስ ኣምላኽ)፡ ነፍሲ (ምስ ስምዒታውን ውሳኒኣውን ዓለም)፡ ስጋ (ምስ ግኡዝ ዓለም) ዘራኽቦ ዝሓዘ ፍጥረት እዩ። እዚ ሰለሰተ ነገራት ድማ ብሓደ ዝተወሃሃደን ንክብሪ ኣምላኽ ክሰርሕ ኣለዎ። ኣተሓሳስባና፡ ልብና (ነፍሲ)፡ ፍቓድን ሓድሽ ክኸውን ኣለዎ። ሽሕ እኳ መንፈስና ምስ ምድሓንና ተለዊጡ ንኣምላኽ ዝደሊ እንተኮነ፡ ብዙሕ እዋን ዘሸግረና ኣተሓሳስባና እዩ፡ እቲ (1ቈረ 2:7-16) ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ግና ዝተለወጠ ኣተሓሳስባ ኣለዎ፡ ካልእ ልቢ ዘለዎ (1ዮሃ 4:7-21)፡ ዝጸረየን ንኣምላኽ ዝደሊ ፍቓድ ዘለዎ (1ዮሃ 3:1-15) እዩ። ልኽዕ እዩ ብክርስቶስ ሓድሽ ልደት (ዮሃ 3) ረኺብናን፡ ሓድሽ ፍጥረት'ውን ኮይንና ኢና (2ቈረ 5:17)፡ ግና ነቲ ሰማያዊ ነገር ክንሓስብን ክንገብርን ኣሎና። ናይ ኣምላኽ መንነት ዘለዎ ሰብ ከም ናይ ንቡር ሰብ ኣተሓሳስባን ኣነባብራን ሒዙ ክመላለስን፡ ነቲ ምስኡ ዝሓደረ መንፈስ ኣምላኽ ዘጽርፍን፡ መንነት ኣምላኽ ድማ ኣብ ሕቶ ዘተኣታቱ እዩ፡ ሰብ ልኽዕ ከምቲ ናይ ሓቂ መንነቱ ኮይኑ ክመላለስን ክነብር ኣለዎ (ሮሜ 8:9)። ናይ ሓቂ መንነትና ድማ ዉሉድ ኣምላኽ ምዃንና እዩ።

### ቀንዲ ሓሳብ

እቲ ናይ ሓቂ መንነት ክርስትያን እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እዩ፡ ኮይኑ ግና ንሕናን ኣነባብራናን ንዕኡ'ዶ ይመስል? ዋላ ቁሩብከ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮ ዝመስላ ናብራ'ዶ ኣሎና። እዚ ሕቶ'ዚ ንነፍሲ ወከፍና ክሕተት ዘለዎን ክንምልሶ ዝግባናን እዩ፡ ምኽንያቱ ኣምላኽ ንኩሉና ብመስፈር ውህበት ክርስቶስ ጸጋ ሂቡና እዩ፡ ስለዚ ነቲ ዝተዋህበና ጸጋ ድማ ክንሕተተሉ ኢና። እቲ ቀንዲ ሓሳብ ሎሚ፡ ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ግጭት መንፈሳዊ ነገር ምድላይን ምህንጣይን እዩ። ኣብ ውሽጥና ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ልኽዕ ሓሳብ ኣምላኽ ክትገብር እንዳደለየና ዘይምግባር፡ ዝዓበየ ዕንቅፋት እዩ። ስለዚ ክርስትያን ዕዉት ክበሃል እንተኮይኑ ነዚ ነገር ክስዕር ኣለዎ። ኣምላኽ ሓድሽ ፍጥረት እንተገይሩና፡ ከምኡ ኮንካ ንበር ምኽንያቱ ተርመስመስ ናይ ክርስትያን ናብራ ኣይኮነን፡ ክርስትና ናይ ለውጢ ናብራ እዩ። ስለዚ ከም ክርስትያናት ነቲ ናይ ውሽጥና ናብራ ክንነብር፡ ነቲ ኣብ ነንመዓልቱ ኣብ ግጭት ዘሎ ናይ ስጋን መንፈስን ግጭት ክንስዕር ኣሎና፡ (ሮሜ 8:5-8, ሮሜ 7)። ነቲ ስጋውን መንፈሳውን ናብራና ክንልውጥ እቲ እንኮ መፍትሕን መድሃኒቱ ብናብራና እምበር ብዘረባና ንክርስትና ንከይንነብሮ እዩ። ነዚ ነገር እንልውጠሉ መገዲ ድማ ከምቲ ኣብ (ኤፌ 4:23) ዝብሎ ሓድሽ ኣእምሮን ኣተሓሳስባን ምሓዝ፡ ምልዋጥ (ሮሜ 12:2)፡ ከምኡ'ውን ሓሳብ ክርስቶስ ምሓዝ እዩ (ፊሊ 2:5)። ስለዚ ሓላፍነት ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ፡ ብክርስቶስ ዝተታሕዘ ኣእምሮ፡ ኩሉ ግዜ ሰማያውን ክርስቶሳውን ሓሳብ ዝሓዘ (1 ጴጥ 2:2)፡ ነቲ ካብ ዓለምን ስጋን ሰይጣንን ዝመጽእ እከይ ነገራት ድማ ዝከላኸል (ፊሊ 4:6-7, ሮሜ 10:17)፡ ካብ ናይ ኣረጊት መንነት ጸቕጢ ናጻ ምግባር (1 ጢሞ 1:7)፡ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ንዝጻረር ኩሉ ግዝኣታት ድማ ምቅላስ (2ቈረ 10:3-5) እዩ። ስለዚ

*ከም ሓሳብ ኣምላኽ ዝሓዘን ተማቃሊ ኣምላኻዊ ባህሪ ዝኾንካ ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ቀጻሊ ግጭት ምስ እዞም ዝገለጽናዮም ነገራት ክትረኽባ ኣሎኻ።*

***ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፡*** *1 ቈረ 2፡7-16, 1ዮሃ 4፡7-21, ቆሎ 3፡1-15*

*ሓደን ቀንድን ኣብዚ ዘመን እዚ ክንስዕሮ ዘሎና፡ ዕንቅፋት ተጽዕኖ ኣረጊት መንነትን ኣካይድኡን እዩ። ኣረጊት ሰብ ኩሉ ግዜ ምስ ኣምላኽ ዝጻረርን፡ ካብ ኣምላኽ ዘርሕቕን እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ብክርስቶስ ዝተዋህበና ሓድስ መንነት ንዕኡ ለቢስና ክንመላለስን ልዉጥ ክርስትያናዊ ህይወት ክንነብርን ግዴታና እዩ። ካብዛ ትምህርቲ ብጥቕልል ዝበል እንመሃሮ ነገራት እምበኣር*

- *ሓድሽ መንነት ካብ ክርስቶስ ተዋሂቡና እዩ፡ ነዚ ህይወት እዚ ድማ ተላቢስና ክንነብሮ*
- *ሞትን ትንሳኤን ክርስቶስ ናይ መንነትና ናይ መሰረት ለውጢ ምኽኑን ሓድሽ ምንጻፍ ዘንጸፈልናን መገዲ ናይ ለውጢ እዩ*
- *ክርስትና ብጭካነ እንነብሮ ናብራ እዩ፡ ወይ ንኣምላኽ ወይ ድማ ንዓለም መሪጽካን ወሲንካን እዩ ዝንበር፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ትምኒታትና ቀቲልና ኣንነብሮ ናብራ እዩ*
- *ምስ ክርስቶስ ዝሞተ ዘበለ፡ ምስኡ ድማ ብህይወት ይነብር እዩ*
- *ነቲ ኣምላኽ ቅድሚ ዘመናት ዘዳለዎ ሕቡእ ምስጢር ኣብ መንጎ ምሁራንን ንኣምላኽ ዘይፈልጡ እንዛረብን ካብ ኣምላኽ ዝተሓደሰን ንጹህን መንፈስ ዘሎና ኢና*
- *ሓደሽቲ ፍጥረት ብምግባር ካብ ኣምላኽ ዝኮነ መንፈስ እምበር መንፈስ ዓለም ኣይተዋህበናና*

## *ሕቶታት*

1. *ብክርስቶስ እንታይ ዓይነት መንነት እዩ ተዋሂቡና?*
2. *ብክርስቶስ ሓድሽ ህይወት ማለት እንታይ ማለት እዩ? ብውልቂ ንዓኻ/ኺ እንታይ ይርድኣካ/ኪ?*
3. *ሓድሽ መንነት ምሓዝ ማለት፡ ምልዋጥ፡ ንክርስቶስ ምምሳል ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻ ምህላው ማለት እዩ ኢልና፡ ኣብ ህይወትካ ዝለወጥካዮ ኣተሓሳስባ፡ ልብን ፍቃድን እንታይ ኣሎ? ጥቀስ።*
4. *ንሓድሽ ፍጥረትካ ከመይ ጌርካ ካብ ጸቅጢ ኣረጊት መንነትካ ናጻ ትገብሮ? ጥቀስ።*

## *መጠቓለሊ ሓሳብ*

*ብክርስቶስ ዘሎና መንነት ምፍላጥ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ናይ ለውጢ መገድን መሳርሕን እዩ። ኮይኑ ግና ነቲ ዝፈለጥካዮ ነገር ምንባር ግና እቲ ዝዓበየ መሰረት ለውጢ እዩ። ስለዚ ሎሚ ነቲ ዝፈለጥናዮ ነገር ክንነብሮ እምበር፡ ከም ደረጃ ፍልጠት ጥራይ ክንሕዞ ኣይኮነን ዘሎና። ብክርስቶስ ዘሎና መንነት "ንሓጢኣት ዝሞተ፡ ንጽድቂ ድማ ዝተንስአ ሓድሽ መንነት እዩ"። ስለዚ ነቲ ሓጢኣት ኮይኑ ዘይስምዓና ነገራት ቀቲልና፡ ብጽድቂ ምስ ክርስቶስ ክንነብር ንጽዋዕ ኣሎና፡ ምክንያቱ ክርስትና ብጸጋ እምበር ብተመኩሮን ብዝሒ ዓመታት ኣብ ቤት ኣምላኽ ዝንበር ናብራ ኣይኮነን። ስለዚ ቢቲ ዝተዋህበና መስመር እንዳተቀዳደምና፡ ብጽድቅን ብመንፈስን ንመላለስ።*

## **እትጽናዕ ጥቕሲ**

*"ንስኻትኩም፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቀንጢጥኩም፡ ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ ጌርኩም፡ ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም፡ …" ቆሎ 3፡9-10*

## ቀዳማይ ትምህርቲ፡ ቅኑዕ ሕልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ

### መእተዊ

ሕልና ነቲ ኣብ መነባብሮን ህይወትናን ዘሎ ቅኑዕን ጌጋ ዝመሚ ክፋል መንፈስና እዩ። ኣብ ናብራና መብዛሕትና እቲ ዓንቒጽ ሒዙና ዘሎ፡ ኣብ መንጎ ቅኑዕን ጌጋን ምፍላይ ተሳኢንና፡ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምፍላጥ ተሸጊሩና ዘሎ ሰባት ኢና። ሓደ ካብቲ ንራእይና ንክንዛረም ክንስዕሮ ዘሎና ድማ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ምልላይ እዩ። ብልኽዕ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ እዩ ተባሂልና እንተ ንሕተት ከምዝን ከምትን ምበልና፡ ገለ ገሌና ድማ ቃል ኣምላኽ እዩ ምበልና፡ ልክዕ ኩሉ ክኸውን ይኽእል እዩ። ግና ናይ ነፍሲ ወከና ሕቶ ንምምላስ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ኣዩ? ፍቓድ ኣምላኽ ብልኽዕ ቃል ኣምላኽ እዩ፡ ኮይኑ ግና ቃል ኣምላኽ ካብ ዘፍጥረት ክሳዕ ራእይ ዮሃንስ ኩሉ ፍቓድ ኣምላክ እንታይ ምዃኑን ብኸመይ ከም ዝርኸብን ዝምህር ውዱእ ምኽርን ሓሳብ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ፍቓድ ኣምላክ ንምፍላጥ፡ ኣብ ውሽጥና ሓደ ካብ ኣምላኽ ብምልኣት ዝጥቀመሉ እምበኣር ሕልና እዩ። ሕልና ከምቲ ዝተገልጸ ክፋል መንፈስና እዩ፡ ካብ ናይ ጌጋ መገዲ ዝመልስን ዝእርምን ነቲ ቕኑዕ መገዲ ዘርእይን ድማ እዩ (ሮሜ 9፡1)። ሕልና ናይ ምኽሳስ ወይ ጌጋ እዩ ናይ ምባል ክእለት ዘለዎ እዩ፡ ግና እዚ ሕልና እዚ ክለምጽ፡ ማለት ነቲ ጌጋ ኣብ ዘይፈልጠሉ ደረጃ'ውን ክበጽሕ ይኽእል እዩ። ሕልንኡ ዘጥፍአ ወይ ዘዕረበ ሰብ እምበኣር፡ ነቲ ቕኑዕን ጌጋን፡ ስርዓት ኣምላኽን መንፈሳዊ ሓሳብ ኣምላኽ ክርዳእ ግድን ክሽገር እዩ። ኣምላኽ ንሕልናን ይጥቀመሉ እዩ፡ ምኽንያቱ ሓሳብ ኣምላኽ ንምፍላይ'ውን ስለ ዝጠቕመና፡ ሰናይ ሕልና (1 ጢሞ 1፡5)።

### ቀንዲ ሓሳብ

ሕልና ከምዚ ኣቀዲምና ዝገለጽናዩ እዩ። ስለዚ እዚ ሕልና ኣብ ህይወትና ኣብ እንገብሮ ኩሉ ነገር ክጠቕመናን ናብ ሓሳብ ኣምላኽ ክመርሓናን ግና ናትና ተራ ኣዝዩ ዓብይ እዩ። ሕልና ካብ ክፋእ እንተ ዓጊትካዮ፡ ናብ ቕኑዕ ነገር'ውን ክመርሓካ ኣለዎ። ኣብ ህይወት ውሳኔታትና እንጠራጠረሉን ዘይንውስነሉን ኣብ ሕልናና ጽቡቕ ምስክር ወይ ድማ ፍቓድ ኣምላክ ብዘይ ምርዳእና ክኸውን ይከኣል እዩ። ዕንቅፋት ናይ ዘመንና ምስዓር፡ ካብ ናይ ጥርጥርን ዘይርጡብን ናብራን ወጺና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምልላይ ክንመላለስ እዩ። ኣብ ሮሜ 14ን 15ን ብርቱዕን ድኹምን ኣማኒ ከምዘሎ ይነግረና፡ ብእምነት ድኹም ኣማኒ ኣሎ፡ ብእምነት ከኣ ብርቱዕ ኣማኒ ኣሎ። ነቲ ብእምነት ድኹም ሓው ብዘይ ጥርጥር፡ እቲ ብርቱዕ ሓው እዩ ክቕበሎ ዘለዎ፡ ምኽንያቱ ብምኽንያት ድኻሙ ናብ ዘይኣምላኻውን ሕማቕን ነገር ክምርሕ ይኽእል እዩ፡ እዚ ብንጹር መርኣያ ናይ ዝሞተ ሕልና እዩ። ነቲ ክውስኖ ዘለዎ ሰኣን ምፍላጡ እዩ ናብዚ ኣምሪሑ። እቲ በቲ ጽቡቅ ኢሉ ዝፈተኖ ነገር ኣብ ርእሱ ዘይፈርድ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል እዩ፡ ግና ካብ እምነት ዘይኮነ ዘበለ ኩሉ ግና ሓጢኣት እዩ። ኣማኒ ኩሉ ነገር ብእምነት ካብ ጽቡቕ ሕልና ክገብሮ እዩ ተጸዊዑ፡ ንሕና ድማ ንነፍሲ ወከፍ እንገብሮ ዘበለ ነገር፡ ብእምነትን (እምነት ማለት ንኣምላኽ ዘስምር)፡ ብጽቡቕ ሕልና (ዘይንክሰሰሉን ትብዓት ዝህበናን)፡ ነገር ጌርና ክንገብሮ ዝተጸዋዕና ኢና። ስለዚ ሎሚ እንገብሮ ዘበለ ኩሉ ነገር ካብ ክልቲኡ ወጻኢ እንተኾይኑ ሓጢኣት እዩ። ኣምላኽ ዝደልየና ኩሉ ግዜ ሓሳቡ ኣስሚርና፡ ስጡም ዝኾነ ነገር ክንገብር፡ ሕልናና ድማ ዕሩፍ ኮይኑ ፍቓዱ ተረዲእና ክንገብር እምበር፡ እንዳ ተጠራጠርና ክንገብር ኣይኮነን። እቲ ድኹምን ብርቱዕን ቅኑዕ ሕልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክህልዎ ግድን ኣለዎ። ጥቕሲ 22 ሕቶ ሓቲቱ፡ ንስኻ ኣታ እምነት ዘላትካ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንርእስኻ እምነት ትሃልኻ፡ ስለዚ እምነትና ንገዛእ ርእስና መጀመርታ ምኽንያቱ ብእምነትና ናብ ኣምላኽ ምቅራብ እንረኽብ ስለዝኾንና። ስለዚ፡ ጳውሎስ ቀንዲ ሓሳቡ፡ እቶም ብርቱዓት ንዘለዎም ናጽነት ተጠቂሞም፡ ነቶም ድኹማት ከይፈርዱ፡

እዚ ድኣ እምነት ዘይብሉ፡ ድኹም ሕልና ክብሉ ኣይኮነን እኳ ደኣ ነቲ ድኻሙ ክድግፉ ክጸሩን እዩ (ሮሜ 15፡1-3)። ቅኑዕ ሕልና ንዘሎና ሕማቅ ልምድታት ከጥፍእ፡ እቲ ብርቱዕ ስለ ዝገበረ እቲ ድኹም ንክገብር ዝደፍእ ኣይኮነን። ከምቲ ክርስቶስ ጸርፌ ኣብ ልዕሊኡ እንዳ ወደቀ ዝተዓገሰ እቲ ብርቱዕ ድማ ንብጸዩ ምእንቲ ክሃንጾ ብሰናይ ነገር ባህ ከብል እዩ ተጸዊዑ፡ ኣብ ክርስትና ውልቃዊ ኣጠማምታ ዝብሃል የለን። ኣብ እዚ ዘመን ድማ እቲ ዝዓበየ ክንስዕሮ ዘሎና ዕንቅፋት እምበኣር፡ ውልቃዊ ኣጠማምታን ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ ዝብል፡ ናብ ምስሊ ክርስቶስ ከይንልወጥ ዝገብረና ነገር እዩ፡ (1 ጴጥ 2፡21, 2 ቆረ 3፡18, 4፡11)።

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሮሜ** 14፡22-15-3, **ዮሃ** 17፡1-10

ስለዚ ንሕና ከም ክርስትያናት ድካምን ሕልናን ናይ ኣሕዋትና ክንሕሉ፡ ብብርታዔና ድማ ከይንፈርድን ዝተጸዋዕና ኢና። ነቲ ሕማቅን ጽቡቅን ዝፈሊ ሕልናና ድማ ከነድክሞን ክንቀትሎን ዘይኮነስ፡ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ክመርሕ ከምዝኽእል ብጽቡቅ ክንጥቀመሉ ይግባእ። ብሓፈሻ

- ኣምላኽ ንሕልናና ብጽቡቅ እምበር ብሕማቕ ክንጥቀመሉ ኣይደልየና እዩ
- ነቲ ብእምነት ድኹም ሓው ክንንጽሎን ክንፈርዶ ዘይኮነስ እኳደኣ ኣጸቢቕና ክንቀርቦ፡ ነቲ ብርታዔና ንምቅራብ ኣሕዋትና ክንጥቀመሉ ኣሎና
- ከምቲ ጸርፌ እቶም ዝጸርፉካ ኣባይ ወደቀ ዝብል፡ ክርስቶስ ድማ ነቲ ጸርፌ ዝተቀበለ ክርስቶስ ንርእሱ ባህ ከብል ኣይደለየን፡ ንሕና ድማ ንርእስና ባህ ከነብል ዘይኮነስ ንሰናይ ናይ ኣሕዋትና ዝተጸዋዕና ኢና
- ሓውና ዝዕንቀፈሉ ዘበለ ዝኮነ ነገር ንከይንገብር ዝተጸዋዕና ኢና

### ሕቶታት

1. ሕልና እንታይ ማለት እዩ? ናይ ሕልናኻ ምስክር እንታይ እዩ?
2. ዝኾነ ውሳኔ ኣብ እትውስነሉ እዋን እንታይ ዓይነት ናይ ሕልና ምስክር ኣሎኻ?
3. ክርስትና እትብርትዕ ድኻም ኣሕዋትካ ክትጸውር ምኻኑ ርኢና ኣሎና፡ ነቲ ድኹም ወይ ብርቱዕ ሓውኻ ከመይ ጌርካ ትጸሮ?
4. ሕልናኻ ዝኸሰካ ውሳኔታት ወሲንካ'ዶ ኣሎካ? እንታይ እንታይ እዩ፡ ጥቀስ? ንክትእርሞ ክትወስዶ ዘሎካ መንፈሳዊ ነገር እንታይ እዩ?
5. ጽቡቕ ሕልና ማለት፡ ንሕማቕ ኣሕዋትካ ዘይምቅላዕ እዩ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መገዶም ብሕልናኦም እናተከሰሱ ብዝወሰንዎ ሕማቕ ውሳኔታት ንዘለዉ ኣሕዋት ከመይ ጌርካ ትከናከኖም? ወይስ ሕማቕ ዘረባታት እንዳ ተዛረብካ ትፈርዶም?

### መጠቓለሊ ሓሳብ

ሕልናና መሳርሒ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህበና መንፈስ እዩ። እዚ ሕልና እዚ ድማ ከም ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ናብ ፍቓድ ኣምላኽን ጽቡቕ ውሳኔታት ንኽመርሓና ክንጥቀመሉ እምበር፡ ብኽሲ ተመሊኡ ካብ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ክርሕቀና የብሉን። ስለዚ ነዚ ሕልና እዚ ብቃል ኣምላኽ ተመሊኡ ናብ ሓሳብ ኣምላኽ ንኽመርሓና ክንጥቀመሉ ኣሎና።

### እትጽናዕ ጥቕሲ

*“... ነፍሲ ወከፍና፡ ንብጻዩ ምእንቲ ኺሃንጾ፡ ብሰናይ ነገር ባህ የብሎ።” ሮሜ 15፡3*

**ካልኣይ ትምህርቲ፡ ሓሳብ ኣምላኽ ምህላው (ራእይ)**

ሰብ ሓሳብ ኣምላኽ ኣሎኒ ወይ ኣለዎ እንብሎ እንታይ ምስ ዝህልዎን ዝገብርን እዩ? ሓሳብ ኣምላኽ ምህላው ማለት እንታይ ማለት እዩ? ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ብዙሕ ሳዕ ውዱእ ሓሳብ ኣምላኽ ወይ ድማ ዘልኣለማዊ ምኽሪ ኣምላኽ እንዳ ተባህለ ተጠቂሱ ንረኽቦን ነንብቦን ኢና። ዳዊት ኣብ መዝሙሩ (መዝ 33፡11) ምኽሪ ኣምላኽ ንዘልኣለም እዩ፡ ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ። ጳውሎስ'ውን ኣብ መልእኽቱ "ኩሉ ምኽሪ ኣምላኽ ነገርኩኹም እምበር፡ ዘትረፍኩልኩም የብለይ" (ግብ 20፡26) በለ። ስለዚ እዚ ምኽሪ እዚ እግዚኣብሄር ቅድሚ ምምስራት ዓለም ዝመደቦ ምኽርን ሓሳብን ዝተተሓሓዘን ዝተዛመደን እዩ። እግዚኣብሄር ቕድሚ ምምስራት ዓለም ናቱ ዝኾነ ምኽሪ ንደቂ ሰባትን ንፍጥረትን መዲቡ እዩ። እዚ ሎሚ ኢኮነሚ ወይ ድማ ኢኮነሚክስ እንዳ ተባህለ ዝጥቀስ ዘሎ፡ ናይ ግሪኽ ቃል ማለት ኢኮነምያ ዝብል ዝመጸ እዩ። ኢኮነምያ ማለት ነቲ ዘሎካ ነገር እተመሓድረሉን ኣብ ግቡእ መዓላ እትውዕለሉ መገዲ እዩ። እግዚኣብሄር ድማ ናይ እዚ ኢኮነምያ ፈላሚ እዩ፡ እቲ ብእግዚኣብሄር ዝገበሮ ኢኮነሚያ ንዓለም ብደቂ ሰባት ማለት ብኣዳም ከመሓድራን ክገዝኣን፡ ኣዳም ድማ ምስ እግዚኣብሄር ጥቡቕ ሕብረት ክገብርን፡ ዝብል ምኽርን ሓሳን እዩ። ይኹን እምበር እቲ ናይ ኣምላኽ ምኽሪ ብዘይ ምእዛዝን ውድቀትን ደቂ ሰባት ኣይተሳኽዐን። ስለዚ እግዚኣብሄር ነዚ ምኽሪ እዚ ንምቕናዕን ንሰብ ድማ ናብ ምኽሩ ንክመልሶን ንወዱ የሱስ ክርስቶስ ክሰዶ ግድን ኮኖ። እግዚኣብሄር ምስ ደቂ ሰባት ዘለዎ ሕብረትን ንወዲ ሰብ ዘለዎ ፍቅርን ክስእኖን ብፍጹም ስለ ዘይደልን ድማ ንወዱ በጃ ኩላትና ሃቦ።

**ቀንዲ ሓሳብ**

ስለዚ፡ እዚ እዩ ሓሳብ ኣምላኽ እምበኣር፡ እዚ ሓሳብ ኣምላኽ ኣሎካ/ኪ'ዶ? እቲ እግዚኣብሄር ንዓኻ ዝመደቦ ሓሳብ እትፍጽመሉ መገድን ግብርን'ዶ ትገብር ኣሎኻ? እዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ ብምኽሪ እቲ እግዚኣብሄር ንርእስኻ ዘዳለዎ ምኽሪ ሓሳብ ክትርዳእ ቅድሚ ኩሉ ነገር ከድልየካ እዩ። ምኽንያቱ ምኽሪ እግዚኣብሄር ነቶም ዚደልይዎን ዝፈልጥዎን ስለዝኮነ (መዝ 25፡14)፡ ምስጢር እግዚኣብሄር ድማ ነቶም ዚፈርህዎ እዩ። ስለዚ እዚ ምኽሪ'ዚ ክትርዳእን ክትትግብርን ንእግዚኣሄር ምፍላጥ ቀንዲ ነገር እዩ። ኣብ ኤፌ 2፡10፣ ናይ መጀመርታ ሓሳብ እግዚኣብሄር፡ ፍጡራቱ ምኳንና እዩ። ብመልኽዕ እግዚኣብሄር ዝተፈጠርና ነቲ ቅድሚ ምምስራት ዓለም ዝተመደበልና ነገር ኢና እንነብሮ ዘሎና። ምፍጣርና እቲ ቀዳማይን ቀንድን ሓሳብ እግዚኣብሄር እንፈልጠሉን ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃበና ቀዳማይ ናይ ህይወት ዕላማውን እንነብረሉ መገዲ እዩ። ስለዚ እቲ ምፍጣርና ቀዳማይ ናይ እግዚኣብሄር ሓሳብ ምኳኑ እንትፈሊጥና፡ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ዝኾነውን፡ እተፈጠርና ኢና። እምበኣር ካብዚ ብቀሊሉ ኣብ ህይወትካ ክትርድኦ እትኽእል ነገር እንትሃልዩ፡ እግዚኣብሄር ቅድመ ዘመናት ንኽብሩ ኽትከውን ከምዝፈጠረካን ብክርስቶስ ድማ ንሰናይ ነገር ዝተዳሎኻ እምበር ተረ ሰብ ዘይምኳንካ እዩ። እዚ ራእይ እዚ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ክህሉን ክንነብረሉ ዝተዋህበና እዩ።

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፦** 1 ጴጥ 1, ኤፌ 1

ስለዚ እቲ እግዚኣብሄር ዝፈጠረና ዓላማን ምኽርን ኣብ ህይወትና ብክርስቶስ የሱስ ንዘዳለወልና ናይ ሰናይ ግብሪ ህይወት ክንነብር እዩ። ምፍጣርና ምኽሪ ኣምላኽ እዩ፡ ምድሓንና ድማ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ እዩ። በዚ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ድማ እቲ ብክርስቶስ የሱስ ዝተዋህበና ናይ ኪዳን ህይወት ክንነብረሉ እንኽእል ራእይ ናይ ህይወት ዘድልየና። ስለዚ ጽማቕ ትሕዝቶ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡

- ኣብ ምኽሪ ኣምላኽ ኢና ተፈጢርና
- ምስ ኣምላኽ ሕብረት ክህልወና ዉድእ ምኽሪ ኣምላኽ እዩ
- ንምድርን ኣብኣ ዘሎ ኩሉ ክንገዝእን ከመሓድርን፡ እግዚኣብሄር ነቲ ህያው ነፍሲ ዝገበሮ ሰብ ስልጣን ሂብዎ እዩ
- ኸሕ እኳ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ሕብረት እንተ ሓደርጎ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ግና ነዚ ሕብረት'ዚ ኣይሓደጎን። ክርስቶስ የሱስ ድማ ቦኽሪ ኹሉ ከም ምኳኑ መጠን፡ ነቶም ቀደም ርሑቃት ዝነበርና ብደሙ ኣቕረበና
- ብክርስቶስ ነቲ ናይ ዘልኣለም ሓሳብ ኣምላኽ ሒዝና፡ ሰብ ራእይ ኮይንና ክንነብር ብክርስቶስ ዝተሓረና ኢና
- እዚ ራእይ'ዚ ግና ነቶም ገዛእ ርእሶም ምስ ኣምላኽ ብምቁራን ኣብ ፍጹም ሕብረት ምስ እግዚኣብሄር ክነብሩ ንዝደልዩ ጥራይ
- ስለዚ ነዚ ምኽሪ ኣምላኽ ኣለሊና ናብቲ እግዚኣብሄር ዝሓንጸጸልና ክንበጽሕ፡ ሰብ ራእይ ክንከውን የድልየና

## መዛተይ ሕቶታት

1. ሓሳብ ኣምላኽን ምኽሪ ኣምላኽን ክብሃል እንከሎ ንዓኻ/ኺ እንታይ ማለት እዩ?
2. ካብ ሓሳብ ኣምላኽ ወጺካ/ኪ ዝነበርካሉ/ክሉ ህይወት ትዝክሮ'ዶ? ብከመይ ካብ ሓሳብ ኣምላኽ ወጺካ/ኪ? ስለምንታይ?
3. ኣብ ምስ ጎይታ ዝተመላለስካሉ/ክሉ ህይወት ንሓሳብ እግዚኣብሄር ስሒተዮ ወይ ከይረኸብክዎ ከሲረዮ እትብለሉ/ልሉ እዋን ኣሎ'ዶ? እንተሃልዩ ብከመይ ወይ እንታይ ስለዝኾንካ/ኪ ስሒትካዮ/ክዮ? ብከመይ ከተዐርዮ ኢካ/ኪ ወይ የዐሪካዮ?
4. ኣብዛ ደቂቕ'ዚኣ ኣብ ሓሳብ እግዚኣብሄር እትነብረሉ መገዲ እንታይ እዩ?
5. ኣብ ሓሳብ እግዚኣብሄር ዘይነብሩ ሰባትከ ከመይ ጌርካ ናብ ሓሳብ እግዚኣብሄር ተእትዎም

## መጠቓለሊ

ከም መጠቓለሊ ህይወት ወዲ ሰብ ብምኽሪ ኣምላኽ ዝተፈጥረት ኢያ፡ እዛ ህይወት እዚኣ ድማ ብዘይ ራእይን ብዘይ ናይ ኣምላኽ ምኽርን ዘይንነብራ ስለ ዝኾንና፡ ህይወትና ዓውደ ትግባረ ናይ እግዚኣብሄር ፍቃድን ምኽርን እያ። ስሕተት ሰብ ኸሕ እኳ ካብ ናይ ኣምላኽ ምኽሪ እንተ ኣርሓቀና፡ ሕጂ ኣብ ዝተሓደሰ ናይ ኪዳን ናብራ ንነብር ከም ምህላውና መጠን፡ ራእይና ሃሳብ እግዚኣብሄር እነተግብርን፡ ኣብ ምኽሩ እንመላለስን ክብኸውን ግድን እዩ። ኣብ ቅሉዕ ህይወትይ ምእንቲ ክንስረት ድማ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና በጃ ብምኳን፡ ነቲ ንሱ ዝኸፈለልና ዋጋ ከነስተዎሎ ይግብኣና።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

> *"ሳዕሪ ይነቕጽ፡ ዕምባባ ይቕምስል፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽና (ሓሳብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና/ ምኽሪ እግዚኣብሄር ኣምላኽና)ግና ንዘልኣለም ይነብር።"ኢሳ 40፡8*

**ሳልሳይ ትምህርቲ - ተማቓሊ ሓሳብ ኣምላኽ**

**መእተዊ**

ኣብ ዝሓለፈ መእተዊ ትምህርትና፡ ሓሳብ ኣምላኽ እንታይ'ዩ ዝብል ርኢና ነይርና። ሓሳብ ኣምላኽ ዘልኣለማ'ውን ቅድመ ፍጥረት ዝነበረን ምኳኑ፡ እግዚኣብሄር ድማ ነዚ ሓሳብ እዚ ኣብ ልቢ ኲላትና ክህሉ ከምዝደልዮን ተዛሪብና። ሓሳብ ኣምላኽ ግና ብቐንዱ መንነት ኣምላኽ እዩ። መንነት ክንብል እንከሎና፡ መግለጺ እንታይነትን ናይ ሓደ ነገር እዩ። እንታይነት እግዚኣብሄር ድማ፡ መንነትን መን ምኳኑ እግዚኣብሄር ዝገልጽን እዩ። ነዚ መንነት እዚ ድማ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ክህሉ እዩ ዝደልዮ፡ ምኽንያቱ ከምቲ ኣብ (ፊሊ 2:5) "እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻትኹም'ውን ይሃሉ፡..." ዝብለ፡ እዚ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዝነበረ ሓሳብ ኣብ ልዕሊ ኲላትና ክህሉ እዩ ተደዩ። ኣብ ዓለም ሎሚ ሰብ ንኹሉ ክመልኽ፡ ክገዝእን ምስ ጸዓረ እዩ፡ ዋላ'ውን ኣመንቲ ነዚ ናይ ዓለም ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ነገራት ኣብ ምምልኽ እንዳ ተመጣጠሩ እዮም። ኮይኑ ግና፡ ሓሳብ እግዚኣብሄር፡ ተማቓልቲ ኣምላኻዊ ሓሳብ (ፊሊ 2:5)፡ ኣምላኽዊ ሓይሊ (2ጴጥ 1:3)፡ ኣምላኻዊ ባህርይ (2ጴጥ 1:4) ክንኽውንን ኣብ ጎደና ክርስቶስ የሱስ ክንመላለስን እዩ፡ ኮይኑ ግና ካብዚ ጎደና ክትወጽእን ኣብ ጎደና ራእይ ዘይብሉ ክትከይድን ዝከኣል እዩ። ካብዚ ናይ ዓለም ሓሸውየን ራእይ ዘይብሉ ጎደና ወጺእና ኣብ ዕላማ ህይወት ክንመላለስ ዝተጸዋዕና ኢና። ኣማኒ በዓል ራእይ እንተኾይኑ፡ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ዘለዎን ኣብ ሓሳብ እግዚኣብሄር ዝመላለስን እዩ።

**ቀንዲ ሓሳብ**

ሎሚ ሰባት ኣብ ናይ ህይወት ሓሸውይ እዩም ዝነብሩ ዘለዉ፡ ንስለ ምንባር ኢልካ ክትነብር ብዘይ ራእይ ክትመላለስ ትኽእል ኢካ። ከም ካልኦት ሰባት ተንሲእካ በሊዕካ ሰቲካ፡ ካልኦት ከም ዝነብርዎ ክትነብር ትክእል ኢካ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ግና ኣህዛብ ከምዝመላለስዎ ኣይትመላለሱ፡ (ኤፌ 4:17) "ከምቲ ኣህዛብ ብናይ ከንቱ ሓሳቦም ዚመላለሱ ኸይትመላለሱ" ይብል። ክንዮ ናይ ስጋ ሓሳብ ምሕሳብ፡ ሓሳብ ኣምላኽ እዩ፡ ምኽንያቱ ሎሚ ኣብ ዓለም ዘሎ ሰብ ዝሓስቦ ሓሳብ እንዳ ሓሰብካ እንተ ሃሊካ ካብ ከንቱ ሓሳብ ኣይወጻእኻን ዘሎኻ። ራእይ ዘለዎ ሰብ ግና ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓሳብ ወጺኡ፡ ናይ ክርስቶስ ሓሳብ ሒዙ እዩ ዝመላለስ። ሓሳብ ክርስቶስ የሱስ ግና እንታይ እዩ ነይሩ? እዚ ኣብ ትግርኛ መጽሓፍ ቅዱስና "ሓሳብ" ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ ኣብ ካልእ ትርጉም "ኣእምሮ ክርስቶስ ይሃልኩም" እዩ ዝብል። ኣእምሮ ክርስቶስ ምህላው በዓል ራእይ ምኳንካን ካብ ከንቱ ሓሳብ ወጺእካ ሰማያዊ ሓሳብ ከም ዘሎካ ዘርኢ እዩ። ጳውሎስ ንሰብ ፊሊጲ ዝሓቶም ዘሎ ሕቶታት ሎሚ'ውን ንዓታትና ኣገዳሲ እዩ። ኣሕዋተይ እስኪ በዚ ሓሳብ ንሓድሕድኩም ሕሰቡን ተዘራረቡ። ክርስቶስ እንታይ ዓይነት ሓሳብ (ኣቲቱድ) እዩ ነይርዎ? እንታይ ዓይነት ባህሪን ጠባይን እዩ ንካልኦት ገሊጹ? ጋይ ኪንግ ዝብሃል ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣእምሮ ክርስቶስ ከምዚ ብምባል ገሊጽዎ: (1) ንርእሰይ ወይ ንዓይ ይጥዓመኒ ዘይብል ኣእምሮ; (2) መስዋእትነት ዘለዎ ኣእምሮ; (3) ኣገልጋሊ ኣእምሮን ብምባል ገሊጽዎ። ሎሚ ሓወይ ሓብተይ እዚ ኣእምሮ እዚ ኣሎና'ዶ? ሰብ ራእይ ኣሎኒ እንተደኣ ኢሉ ሓሳብ ክርስቶስን ኣእምሮ ክርስቶስን ክህልወና ግድን እዩ፡ ምኽንያቱ ራእይ ተሰኪምካ ንርእሰይ ይጥዓመኒ፡ ናይ ካልኦት ባዕሉ ይፈልጥ እንተ ኢልካ ሓሳብ ክርስቶስ ብፍጹም የብልካን (ሮሜ 15:1-3)። ንዓይ ጥራይ፡ ንስጋካ ጥራይ፡ ንስጋካ ዘይትስውእን እንተኾንካ፡ ሓሳብን ኣእምሮን ክርስቶስ የብልካን፡ ከም ምስ ንፋስ እትጎየይ ድማ ኢካ። እዚ ሓሳብ ኣምላኽ ዝሓስብ፡ ርሑቕ ንላዕሊ ዝጥምትን ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዘለዎን እዩ።

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፦** *ፊሊ* 2:5-8, *ፊሊ* 3:18-20

ንኣምላኽ ዘስምር ሰብ፡ ሓሳብ ኣምላኽ ዘለዎ፡ ነቲ ዝሓይሽ ዝምርምርን እዩ። ከምቲ ተማቕልቲ ባህርይ፡ ሓይልን ሓሳብን ኣምላኽ ዝኾንና፡ ነቲ ዝሓይሽ ነገር ጥራይ ክንምርምር እዩ ዘሎና። ተማቕልቲ ኣምላኻዊ ሓሳብ ዝኾኑ ድማ በዓል ራእይን መማቕልቲ ናይ ሓሳብ ኣምላኽ እዩ። ጽማቑ ትሓዝቶ እዚ ትምህርትና ድማ፦

- መገድን ሓሳብን ዓለም፡ ኣርሒቑ ካብ ኣፍንጫ ዘየሕስብን ከንቱን እዩ፡ ክርስትያን ሓሳብ ኣምላኽ ዘለዎ፡ ከም ምኳኑ መጠን በዚ መገዲ ዓለም ፍጹም ክመላለስን ክሓስቦን የብሉን
- ካብቲ ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ሓሳብ እንተወጺና፡ ብኣምላኻዊ ሓሳብ ክንመላለስ ቀሊልን ናይ ኣምላኽ ባህርን ራእይን ክህልወና ዘክእልን መገዲ እዩ።
- ዝሓይሽ እንዳ መርመርና ከም ደቂ ብርሃን፡ ካብ ከንቱ ሓሳብ ኣህዛብ ወጺእና ራእይ እግዚኣብሄር እነተገብር ክንከውን ኣሎና
- ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ከም ከንቱ ቆጺርካ፡ ብፍልጠት ክርስቶስ ምዕባይን ምንባርን
- ነቲ ጀሚርናዮ ዘሎና ጉያ ንምፍጻም፡ ብሓሳብ ኣምላኽ ምንባርን ኣብኡ ምጽናዕን
- ሃገርና ኣብ ሰማያት፡ ሰንደቕ ዓላማና ድማ ክርስቶስ ምኳኑ ፈሊጥና፡ በዚ ክርስቶሳዊ መገዲ እዚ ምንባርን ምምልላስን

## ሕቶታት

1. ተማቓሊ ኣምላኻዊ ሓሳብ፡ ሓይልን ባህርን ምኳንካ ሓሲብካ/ኪ'ዶ ትፈልጥ? እንተ ሓሲብካ/ኪ እንታይ እዩ ሓሳብ፡ ሓይሊ፡ ባህሪ ኣምላኽ?
2. ኣብ ኤፌ 4፡17 "ከምቲ ኣህዛብ ብናይ ከንቱ ሓሳቦም ዚመላለስዎ ኸይትመላለሱ" ይብል፡ ናይ ኣህዛብ ከንቱ ሓሳብ እንታይ እዩ? ከምቲ ኣህዛብ ዝሓስብዎ ሓሲብካ/ኪ'ዶ?
3. ዚሓይሽ ምምርማር ሓሳብ ኣምላኽ ምኳኑ ርኢና መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓይሽ ዝብሎ እንታይ እዩ? ኣብዛ ዘሎኻያ/ኺያ እዋን ዚሓይሽ እትምርምሮ/ርዮ ምእንቲ ክጠቕሞም ንኣሕዋትካ/ኪ ኣኻፍሎም?
4. ኣእምሮ ክርስቶስ እንታይ እዩ? ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ/ኺ ወጻኢ ትሓስብ/ቢ'ዶ? ኣገልጋሊ ኣእምሮ ኣሎኻ/ኺ'ዶ? ከመይ?
5. ራእይ ብሓሳብ ኣምላኽ እንታይ ምኳኑ እንተ ተረዲኣካ/ኪ ሕጂን ካብ ሕጅን እንታይ ክትገብር ትሓስብ/ቢ?

## መጠቓለሊ

ተማቓሊ ሓሳብ ኣምላኽ ዝኾነ ሰብ ንኣምላኽ ዜሐጉስ እንዳ መርመረ ዝመላለስ፡ ናይ ክርስቶስ ሓሳብ፡ ሓይልን ባህርን ዘለዎ፡ ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጥቕምን ረብሓን ዝወጸ ኣምላኻዊ ኣጀንዳ ዝሓዘ እዩ። በታ ክርስቶስ የሱስ ዝኸደላ ጎደና እዩ ዝኸይድ፡ ብሓቂ ንኣምላኽ ሓቒ ይስዕብ፡ ሓይሊ ኣምላኽ ጥራይ ዚብህግን ንኣምላኽ ዝስዕብን እዩ (ኤፌ 5፡1)። ኣምላኽ ድማ ነቶም ከምዚ ዝልቦም ይሕጎሶም ራእይ እግዚኣብሄር ስለዘፈጸሙ ድማ ይዓግበሎምን፡ ስለዚ ከም ፍቑራት ውሉድ፡ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ ከምዝብል፡ ነዚ ጎይታ እዚ በዚ ራእይ እዚ ንስዓብ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ደጊም ከም ፍቁራት ዉሉድ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ።" ኤፌ 5፡1*

**ራብዓይ ትምህርቲ - ካብ ኣምላኽ ሓሳብ ምቕባል**

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምንጪ ኹሉ ሰናይ እዩ። ቃሉ ድማ ነዚ ኣረጋጊጹ ይነግረና። ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ሰብ ክፈጥር እንኰሎ እቲ እንኮ መደቡ ተማቓሊ ሰናይነት ናቱ ክኸውን እዩ። ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰብ ኩሉ ሳዕ ሰናይ እዩ። ኣምላኽ ነቲ ከም ምስሉን መልክዑን ጌሩ ዝፈጠሮ ወዲ ሰብ ተማቓሊ ሓሳቡ ክገብሮ እኳ እንተ ደለየ ሰብ ግና ብሰንኪ ዕልወት ሓጢኣት ካብ ሓሳብን ምኽሪ ኣምላኽን ራሒቑ፡ ግና ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ እዚ ሓሳብ እዚ ኣብ ልዕሊ እቶም ፍቑራቱ ክሓድር ፈቒዱ ኣሎ። ሓሳብ ኣምላኽ ኣዚዩ ዓሚቝ ዘይተመርማሪ እዩ (ሮሜ 11:33-36)። ይኹን እምበር ነፍሲ ወከፍ ሰዓቢ ኣማኒ ክርስቶስ ኣምላኻዊ ሓሳብ ክቕበል ናይ ግድን እዩ። ሓሳብ ኣምላክ ንኹሉ ብማዕረ ይኹን እምበር ምስ ኣምላኽ ሕብረት ከይገበርካ ተማቓሊ እዚ ክርስቶሳዊ ሓሳብ ክትከውን ኣይከኣልን እዩ። (ኢሳ 28፡29, ሮሜ 16፡24-26) ኣምላኽ እቲ ኣቦ ጥበብን ምኽርን ወትሩ ተማቓሊቲ ሓሳቡ ክንከውን እሞ ኣብ ፍቓዱ ጸኒዕና ብድሌት ክንመላለስ ይደልየና። ኣብዛ ምድሪ ዝነብር ኩሉ ንዝገብሮ ዘበለ ስርሓት ካብ ኣምላኽ ብዝተዋህቦ ጥበብ ካብ ዓመሞ ንሕና ክርስትያናት ደኣ ከመይ ኣዚና ካብኡ ጥበብ ክንቕበል ዘይድልየና።

**ቀንዲ ሓሳብ**

ክርስቶሳዊ ሓሳብ ብሃውሪ ስቕ ኢሉ፡ ወይ ዱብ ኢሉ ዝወድቕ ወይ ዝመጽእ ኣይኰነን። ምኽሪ ኣምላኽ ካብ ጸጋ ኣምላኽ ዝተላዕለ ዝርከብ እዩ። ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልብና ዘቕመጦ ሓሳብ ምኽሪ ኣምላኽ ኢልና ኢና እንጽውዖ። ብዙሕ እዋን ብምኽሪ ገዛእ ርእስና እናተመላለስና ኣብ ፍቓድ ገዛእ ርእስና ዝወደቕናሉ እዋን ሒደት ኣይኰነን። ንኣብነት እቲ ኣብ ቀዳማይ ነገስት ምዕራፍ 13 ዘሎ ነቢዩ ካብ ኣምላኽ ንንጉስ የሮብዓም ከጥንቕቕ ተላኢኹ ኣምላኽ መልእኽቱ ኣብጺሑ በታ ዘመጸ መንገዲ ክምለስ ነጊርዎ። እዚ ነቢዩ ነዚ ሓሳብ ወይ ምኽሪ ኣምላኽ ተቐቢሉ ከም ዝተባህሎ ጌሩ ንዕድመ ንጉስ እኳ ሽለል ኢሉ ዳሕራይ ግና ብሓሳብ ኣምላኽ ዝመስል ትንቢት ኣረጊት ነቢይ ተታሊሉ ካብ ምኽሪ ኣምላኽ ዘንቢሉ፡ መወዳእቱኡ ድማ ጽቡቕ ኣይኰነን። ካብ ኣምላኽ ሓሳብ ምቕባል ሰናይ እዩ ነቲ ዝተቐበልካዮ ምኽሪ ኣምላኽ ምንባር ከኣ እቲ ዝበለጸ እዩ። ክርስትና ከም ቃሕታ ልብኻ ዝኽየድ ናብራ ዘይኰነስ ሓሳብ ኣምላኽ ተቐቢልካ ብሓሳብ ኣምላኽ እትነብሮ ናብራ እዩ። ነዚ'ዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ከምኡ ክኸውን ከም ዘይብሎም ሚዒድዎም (ሮሜ 12፡16-18 ኣንብብዎ)። ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ክንበር ወትሩ ንኣምላኽ ዝናፍቕ ልቢ ክህልወና ካብ ኣምላኽ ወትሩ ጸጋ ክንሓትት ይግባኣና። ጸጋ እዩ ንሓሳብ ኣምላኽ ክንርድኦ ዝገብረና። በዚ ጸጋ እዚ ክንዓቢ ድማ እዩ ፍቓድ ኣምላኽ (ሮሜ 15፡5-6)፡ ኣብዚ ትምህርቲ ከመይ ጌርና ሓሳብ ኣምላኽ ክንቅበል እንኽእል ዝብል ክንርኢ ኢና።

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፦** *መዝ* 25፡12-14, *መዝ* 139, *ኤር* 29፡11

ሓሳብ ኣምላኽ እንተ ደኣ ፈሊጥና እሞ ድማ ነቲ ዝፈለጥናዮ ሓሳብ ኣምላኽ ክነብረሉ ልብና ብጸጋ ኣምላኽ እንተ ኣዳሊና ምስ ሓሳቡ ብምልኣት ክንቃነ ንኽእል። ነቲ ዝፈለጥናዮን ዝተረዳእናዮን ሓሳቡ ክነብረሉ ፍቓደኛታት እንተ ዘይኰይና ግና ነፍስና ዕረፍቲ ኣይረክብን። ነዚ ኢና ሓሳብ ኣምላኽ ብግዲ ንቅበል ዘድልየና። እዘን ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርናየን ጥቕስታት ትሕዝትኦን ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

- እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንደቁ መንገዱ ክምህሮም ይደሊ
- ሓሳብ ኣምላኽ ነቶም ዝፈርህዎ ጥራይ እዩ።
- ሓሳብ ኣምላኽ ሰናይን ሙሉእን መፈጸምታን ተስፋን ዘለዎን እዩ።
- እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ፉጹም ፍልጠት እዩ ዘሎ፡ ካብኡ ዝሰወር ምንም ነገር የሎን

- ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ጽቡቕ ጌሩ እዩ ዝፈልጠና፡ ነዚ እዩ ሓሳቡ ብጅምላ ዘይኰነስ ብግልና ክንፈልጥ ዝደልየና።
- ምኽሪ ኣምላኽ ንዝተወሰኑ ኣመንቲ ዘይኰነስ ንኹላትና ብማዕረ ዝምለከት እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ድማ ምኽሪ ኣለዎ።
- ንኣምላኽ ምስ እንናፍቕ ኣምላኽ ድማ ንህይወትና ሙሉእ ዘሳሊ ምኽሩን ሓሳቡን ይህበና።
- ሓሳብ ኣምላኽ ክንቕበል ኣሎና ከምይሲ ብዘይ ሓሳብ ኣምላኽ ምንባር ስለ ዘይከኣል።

## ሕቶታት

1. ሰብ ከመይ ኣቢሉ እዩ ተማቓሊ ሓሳብ ኣምላኽ ዝኸውን?
2. ኣብ ህይወቱ ሓሳብ ኣምላኽ ተቐቢሉ ዝፈጸመ ሰብ መን ትፈልጡ?
3. ኣምላኽ ብውልቐኻ ከም ዝፈልጠካ ይርድኣካ ወይ ይስምዓኻ'ዶ? ብኸመይ ተረጋግጽ?
4. እቲ ኣምላኽ ንህይወትካ ዝመደበልካ ምኽሩ ብንጹር ትፈልጦ'ዶ?

## መጠቓለሊ

ሰብን እንስሳን ዝፈልዮም ብዙሕ ነገር እኳ እንተ ሃለዎ ካብቲ ሓደን ቐንድን ግና፡ ሰብ ሓሳብ ኣምላኽ ንኽፈልጥ እዩ ተፈጢሩ፡ ኣምላኽ ድማ ምኽሩ ዘፍልጦ ንሰብ ጥራይ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ሓሳብ ኣምላኽ ዝፈለጡ ሰባት ብዙሓት እዮም ካብኣቶም ከም እኒ ሙሴ፡  ዳዊት፡ ሃዋርያ ጴጥሮስን ጳውሎስን ይርከቡም። ንነፍሲ ወከፎም በብግሎም እዩ ሓሳቡ ገሊጹ ኣፍሊጥዎም። ነቲ ዝፈለጠዎ ሓሳብ ኣምላኽ ድማ ኣሚን ኢሎም ተቐቢሎ፡ ምስ ኣብ ህይወቶም እኳ ፍጻሜ ረኺቡ። ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን እንተኾነ'ውን ብዙሓት ሓሳብ ኣምላኽ ፈሊጦም ብእኡ ዝመላለሱ ዘለዎ ናይ ኣምላኽ ባሮት ኣለዉ። ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ምሕዝነትን ውልቃዊ ርክብን እንተ ኣማዕቢልና ጥራይ ኢና ሓሳብ ኣምላኽ ክህልወና ዝክእል። ነዚ ኢና ኩሉ እዋን ኣብ ኩሉ ቦታ ምስኡ ጥቡቕ ሕብረት ክህልወና ዝግባእን ዘድልየናን። እምበር እቲ ግሩም ሓሳቡ ክንፈልጥ ከም ኣሳፍ ክፍሊ ርስተይን ዕጻይን ንስኻ ኢኻ ኢልና ሕብረትና ምስኡ ነረጋግጽ።

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ንእግዚኣብሄር ዚፈርሆ መን እዩ? ንእኡ እታ ዝሓረያ መገዲ ኺምህሮ እዩ።"  መዝ 25፡12*

**ሓምሻይ ትምህርቲ - ንሓሳብ ኣምላኽ ምንባር**

**መእተዊ**

ሓሳብ ኣምላኽ ክንፈልጥ ስለ ዘሎና ጥራይ ኣይኰናን ንፈልጥ እንታይ ድኣ መታን ክነብረሉ እሞ ብእኡ ተቐይድና ክንመላለስ ኢና፡ ንምኽሪ ኣምላኽ እንስተውዕሎ። ቃል ኣምላኽ ኣብ (ያእ 1፡ 22) "ገበርቲ ቓል እምበር ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ" ዚብሎ፡ ሓሳብ ኣምላኽ ምፍላጥና ጥራይ ኣኻሊ ኣይኰነን። ሓሳብ ኣምላኽ ምፍላጥና ጥራይ መንፈሳውያን ኣይገብረናን እዩ። ሓሳብ ኣምላኽ ሰናይን ግሩምን ምኳኑ ጠቓሚና እምበር ጕዳኢና ከም ዘይኰነ ተማሂርና ኣሎና። ኣምላኽ ግና ኣብ ፍልጠት ጥራይ ክነብር ዘይኰነ ዝደልየናስ ክንስጉም ናብ ፍጻሜ ኣቢልና ክንሓልፍ እዩ ዝደልየና። ምስ ኣምላኽ ተግባራዊ ዝኾነ ሕብረት እዩ ክህልወና ዝግባእ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ እዩ፡ ናብ ሓደ ደረጃ ዕቤት ክንሓልፍ ኣሎና ኢሉ ዝምዕደና "እምብኣርሲ ፍጹማት ዘበልና ኹልና እዚ ንሕሰብ ብገለ ነገር ሓሳብኩም ንበይኑ እንተ ኾይኑ ድማ፡ ንእኡውን ኣምላኽ ኪገልጸልኩም እዩ። እዚ ጥራይ፡ በቲ ዝበጻሕናዮ መጠን ብሓደ መገዲ ንመላለስ።" (ፊሊ 3፡15-16)። ብመጠን እቲ ዝፈለጥናዮ ሓሳብ ኣምላኽ ምምልላስ ምስ እንጅምር በዚ ኣቢልና ድማ ናብ ፍጻሜ ገጽና ክንስጉም ንጅምር። ኣምላኽ ክንዮ እቲ ዝፈለጥናዮ ሓሳቡ ክንከይድ ኣይደልየናን እዩ። ፍቓድ ኣምላኽ ዝፍለጥ ንሓሳብ ፈልጥካ ኣብ ሓሳቡ ብምንባር እምበር ናብ ዘይተደልየ መንፈሳውነት ዝመስል ሃተውተው ምእታው ኣይኰነን። ካባኻ ንላዕሊ ንሓሳብ ኣምላኽ ክፈልጠልካ ዝኽእል ሰብ የሎን፡ ነቲ ዝፈለጥካዮ ሓሳብ ኣምላኽ እትነብረሉ ንስኻ እምበር ካልእ ዘይምኻኑ ምፍላጥ መንፈሳውነት እዩ።

**ቀንዲ ሓሳብ**

ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ሰናይን ግሩምን ምኳኑ ንፈልጥ ኢና። እዚ ፍልጠት ጥራይ ግና ንሰናይነት ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክንለማመዶ የኽእለና እዩ ማለት ኣይኰነን። ብመጠን ንሓሳብ ኣምላኽ ዝተኣዘዝናዮ እዩ፡ ሰናይነቱ ነስተማቕሮ። ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትና እውን ንሓሳብ ኣምላኽ ፈሊጥና ዘይንነብሮ እንተ ኾይና ትርጉም ከም ዘይብሉ ሪኢና ኔርና። ብፍላይ እታ ትጽናዕ ጥቕስና **"ንእግዚኣብሄር ዚፈርሆ መን እዩ? ንእኡ እታ ዝሓረያ መገዲ ኺምህሮ እዩ።" መዝ** 25፡12፡ እንተ ኣስተውዒልናላ እቲ ንኣምላኽ ዝፈርሆ ጥራይ እዩ ሓሳብ ኣምላኽ ዝፈልጥ ንሰናይነት ኣምላኽ ዝለማመድ። ኣብ መንጐ ምፍላጥን ምንባርን ዘሎ ፍልልይ ዓቢ እዩ። ንኣብነት ንጉስ ሳኦል ንውሰድ እዚ ንጉስ እዚ መስዋእቲ ዘዕርጉ ካህናት ምኳኖም ይፈልጥ እዩ። እንተ ኾነ ነቲ ዝፈለጦ ምኽሪ ኣምላኽ ብናይ ድፍኢት ኩነታዊ ጸቕጢ ክጥሕሶ ኸሎ ንርእዮ፡ ዋጋ ዓስቡ ድማ ረኺቡ። ንሕና ድማ ሓሳብ ኣምላኽ ንፈልጥ ንኸውን ግና ኣብቲ ዘይጥዕም ዝመስል እዋን ንሓሳብ ኣምላኽ ጨቢጥና ክነብረሉ ዘሎና ተኽእል ክንደይ እዩ? ነዚ ኢና ንልብና ክንሓቶ ዘሎና። ጸሓፊ ናይ እብራውያን "ሓደ እኳ ናይ ዘይምእዛዝ ባህሪ ወሲዱ ከይወድቕ ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ኽንኣቱ ንጋደል" (እብ 4፡11) ኣብ ክርስትናና እምነትና ብፍረ ጽድቂ ዘይረጋገጽ እንተ ኾይኑ ትርጉም የብሉን። ክርስትና ክንዮ ንጥፈታት ናብራ ምኳኑ ኣይንስሓቶ። እምብኣር ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ክንመሃር ኢና። በዚ ኣቢልና ድማ ንሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክሳብ ክንደይ ከም ዝተለማመድናዮ ክንፍትሽ ኢና።

**ዚንበብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፦** እብ 2,3,4,

ካብ ኣምላኽ ሓሳብ ምቕባልና ጥራይ ኣኻሊ ኣይኰነን። ነቲ ዝተቐበልናዮን ዝፈለጥናዮን ምኽሪ ኣምላኽ ናይ እምነት ግብረ መልሲ ሂብና ክንመላለሰሉ ኣሎና። እዚ መንገዲ እዩ ናብ ጐደና

በረኸትን ዓወትን ዘምላልሰና። እዘን ምዕራፋት እዚኣተን ብዛዕባ ምእዛዝ እየን ዝምህራና። ጽማቕ ትሕዝቶኣን ድማ እዚ እዩ።

- ናብ ሓሳብ ኣምላኽ ኣዚና ከነቕልብ ይግባኣና።
- ዘይምእዛዝ ናብ ፍርዲ ገጹ ይመርሓና
- ጉይታና የሱስ ነቲ ዝመጸሉ ኣምላኻዊ ዕላማ ንኽፍጽም ዋጋ ከፊሊ ተኣዚዝዎ
- ተማቓልቲ ሃብቲ ክርስቶስ ንምኳን ብተኣማንነት ናብቲ ሊቀ ካህና የሱስ ነቕልብ
- ናብ ዕረፍቲ ዝኣቱ እንኰ መንገዲ ምእዛዝ እዩ።
- ዘይምእማና ነቲ ሓሳብ ኣምላክ ከይፍጸም ይዓግቶ
- ንሓሳብ ኣምላኽ ክንፍጽም እምነትና ድማ ጽኑዕ ክኸውን ኣብ ምኽሪ ኣምላኽ ክነብር ኣብ ዝፋን መስቀሉ ወትሩ ንቕረብ።

## ሕቶታት

1. ሓሳብ ኣምላኽ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኰነስ ምእዛዝ እዩ ኣገዳሲ ክንብል እንኰሎና እንታይ ማለትና እዩ?
2. ምልክት ንፍቓድ ኣምላኽ ዝእዘዝ ሰብ እንታይ እዩ? ኣ ህይወትካ/ኪ እንታይ ምልኽት ትሪኢ?
3. ንፍቓድ ኣምላኽ ክሳብ ክንደይ ተኣዚዞ ይነብር ኣለኹ ትብል?
4. ኣብ መንጎ እምነትን ምእዛዝን ዘሎ ምትሕሓዝ እንታይ እዩ?
5. ኣብ ህይወትካ ዘይተኣዘዝካሉ ኣጋጣሚታት እንታይ ሳዕቤን ረኺብካ?
6. ሕጂ በዚ ዝተማሃርናዮ መሰረት ውሳኔኻ እንታይ እዩ?

## መጠቓለሊ

ሓሳብ ኣምላኽ ከይፈለጥካ ክትእዘዝ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓሳብ ኣምላኽ ፈሊጥካ ማለት ግና ወዲእካ ማለት ኣይኰነን። ምኽንያቱ ከምቲ ዝተማህርናዮም ምፍላጥ ብዘይ ግብረ መልሲ ትርጉም ስለ ዘይብሉ። ኣምላኽ ብዘይ ፍረ ክንከውን ፈጺሙ ኣይደልየናን እዩ። ፍረ ዘይንፈሪ እንተ ኣሎና ኹይና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ኣብ ገለ ተበላሹ ከም ዘሎ ምልክት እዩ። ከምቲ ዳዊት ዝበሎ ንህይወትና መንፈስ ቅዱስ ወትሩ ክፍትሻን ክምርምራን ንሕተቶ። እምነት ብዘይ ግብሪ ምውቲ እያ። እምነት ኣሎኒ ንብል እንተ ኹይና ብግብሪ ኢና እንርኣያ። ካብቶም ናይ ዘይምእዛዝ ባህሪ ወሲዶም ኣብ መገዲ ዝጠፍኡ ሰባት ከይንኸውን ንጠንቐቕ”

## እትጽናዕ ጥቕሲ

> *“ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ፡ ብኹሉ ኸምዚ ኸማና እተፈተነ እዩ እምበር፡ ብድኻምና ኺድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ኻህናት የብልናን እሞ፡ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀ ኻህናት፡ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወና፡ ምእማንና ነጽንዕ። 16- ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ኽንቅበል፡ ብጊዜ ጸበባውን ንረዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ፡ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ።” እብ 4፡14፡15-*

**ሻድሻይ ትምህርቲ - ኣብ ናብራናን መጻኢናን**

***መእተዊ***

ሰብ ንገዛእ ህይወቱ ዝመርሕ ፍጡር እዩ፡ ይኹን እምበር ኣብ ውሽጢ ህይወቱ ዝተፈላለየ ፍቓዳት ዘለዎ ድማ እዩ። ፍቓድ፡ ናይ ገዛእ ርእስካ ውሳኔ እንዳ ወሰንካ እትነብሮ፡ ዘኸይደካን ዘዋጽኣካን እትገብረሉ ብኣምላኽ ዝተዋህበና ውህብቶ እዩ። ኣብ ልቢ ሰብ ክልተ ዓይነት ፍቓዳት ኣለዉ፡ ሰናይ ፍቓድን ፍቓድ ስጋን። ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ሰናይ ናይ ምግባር ክቱር ድሌት ኣለዎ፡ ኮይኑ ግና ነዚ ሰናይ ናይ ምግባር ድሌቱ ክጽሞ ኣይክኣለን። ካብዚ ተላዒሉ ድማ ሃዋርያ ጳውሎስ ሰናይ ምግባር ድሌት ኣሎኒ ምግባሩ ግና ተሳኢኑኒ ዝበለ፡ (ሮሜ 7፡21) ሰብ ነቲ ዘይደልዮ እከይ ይገብር ኣሎ። ኣብ ስጋ፡ ምስ ግብሪ ኣምላኽን ምኽሪ ኣምላኽ ዝቃለስ ሰናይ ዘይፈቱ ነገር ኣሎና፡ እዚ ድማ ግብሪ ስጋ እዩ። ስለዚ ሰብ ብፍጹም፡ ሰናይ ክይገብር፡ ኣብ ናይ ሰብ ስጋ ሰናይ ዝብሃል የለን። እንዳ ደለየ እኳ ተሳኢንዎ፡ ክልተ ተጋራጫዊ ነገራት እዩ፡ ትምኒት ናይ ሰናይ ምግባር ኣሎ ግና ምግባሩ ተሳኢንዎ። ይኹን እምበር ሓሳብ ኣምላኽ ሰናይ እዩ፡ እዚ ሰናይ ዝኾነ ሓሳብ ኣምላኽ ንክትነብሮ ቀሊል፡ ምእዛዝ ዘድልዮን፡ ሓሊፉ ድማ ርእስኻ ገቲእካ ክትነብሮ ዘሎኻ ናብራ እዩ። ርእሲ ምግታእ ክንብል ከሎና፡ ካልእ ርእስኻ ንከይትገታ ዝገብረካ ነገር ከም ዘሎ ፈሊጥካ፡ ምውጋእን ምጽራርን ማለት እዩ። ምጽራር ማለት ብኣካይዳኻን ኣነባብራኻን ጸረ ናቱ ምንባር ማለት እዩ። ኣብ ምኽሪ ኣምላኽ ምንባር፡ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ምምልላስ እምበር ብኣናባብራኻን መጻኢኻን ንኣምላኽ ምግዛእ እዩ (ቲቶ 3፡8)።

***ቀንዲ ሓሳብ***

ናይ ምድሪ ናብራ ኣዝዩ ዝተጠላለፈን ዝተሓላለኸን እዩ። እዚ ሽግራትን ማሕለካታትን ምድሪ ንሰብ ብሓሳብን ፍቓድን ኣምላኽ ንከይነብር ሓደ ምኽንያት ኮይኑ፡ ግና ሰብ ብገዛእ ርእሱ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ግብሪ ስጋ እዩ ዝነብር ዘሎ። ሰብ ነቲ እግዚኣብሄር ክመላለሱ ኢሉ ዝሃቦ መገዲ እንተ ስሒቱ ግድን ኣብ መገዲ ገዛእ ርእሱ እዩ ዝመላለስ፡ በዚ ድማ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ከም ንፉዕ ዓቀይታትይ፡ ከም ንፉዕ ተቓላሲ ክቃለስ ዝነግሮ (2ጢሞ 2፡3)። ሓሳብ ኣምላኽ ፈሊጡ ክመላለስ ዝደሊ ግና፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ቦታ ቅልስ ምስ ዓለም፡ ስጋን ሰይጣንን ዝመላለስን፡ ነቲ ኣምላኽ ኣቕሓ ክብረት ኢሉ ዘዳለዎ እንዳ ሓሰበ፡ ንኣቕሓ ክብርት ድማ ዝተቀደሰ፡ ንተግባር ብዓል ቤት ዚጠቕም፡ ሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለወ ኸኸውን ግድን ኣለዎ፡ (2ጢሞ 3፡17, 2፡20-21)። እቲ ኣቕሓ ክብሪ ዝኾነ፡ ኣብ ናብርኡን መጻኢኡን ንቃል ኣምላኽ ዝእዘዝን ዝምርምርን ኣብ ጸጽባሕ ደጊ ኮይኑ ዝነብርን ብምሉእ ፍቓዱ ንቃል ኣምላኽ ዝእዘዝን (ግብ 17፡10-12)፡ ካብ ፍቓድ ርእሱ ኣብሊጹ ሓሳብ ኣምላኽ ዝመርጽ፡ ብፍርሃት ራዕድን ምድሓኑ ዝፍጽም (ፊሊ 2፡13ለ)፡ እዩ። ኣብ ናብራና ሓሳብ ኣምላኽ ብምርዳእ ብመትከል ኣምላኽ ምኻድ፡ ማለት ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዝተዋህበ ሓላፍነት ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ናብርኡን መጻኢኡን፡ ብምምራሕ ብራእይን ናይ ህይወት ንክርስቶስ ብምምሳል ክመላለስ እዩ። እዚ እቲ ኣምላኽ ቀደም ክንመልለሰሉ ዘዳልዎ፡ መገዲ ህይወትን ራእይ ናይ ናብራን እዩ፡ ስለዚ እዚ ራእይ'ዚ ማለት መትከል መጽሓፍ ቅዱስ ምሓዝ ንዓካ/ኺ ግድን እዩ፡ ሒዝካዮ/ክዮ ኣሎካ/ኪ'ዶ?

ነዚ ነገር'ዚ እስኪ ሓንሳብ ን2 ደቒቕ ሕሰበሉ/ብሉ? ናይ ናብራይን መጻኢየይን ራእይ፡ ናይ ህይወተይ ራእይ፡ ክበጽሖ ዘሎኒ፡ ብኣምላኽ ዝተዋህበኒ እንታይ እዩ? ኣብ ናብራ ኣምላኽ ዝሃበካ/ኪ ዓላማ እንታይ እዩ?

**ዚንበብ ክፍሊ *መጽሓፍ ቅዱስ*፦** 2ጢሞ 2,

ኣብ ህይወትና ብዙሕ ክንበጽሖ እንደሊ ነገራት ኣሎ፡ ግና ኩሉ እቲ እትደልዮ ነገራት ትረኽቦ ማለት ግና ኣይኮነን። ህይወት ኩሉ ግዜ ብክልተ ዝተመቕለት እያ፡ በቲ ሓደ ናይ ምቕናዕን ምስላጥን ክኸውን እንከሎ በቲ ሓደ ድማ ናይ ዘይምቕናዕን ዘይምስላጥን እዩ። ነፍስኻ ምግታእ እምበኣር ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ምንባር፡ በዓል ራእይ ምኻን ማለት እዩ። ኣብዚ ክፍሊ እዚ ብዛዕባ ናብራን መጻኢን ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ እንስረተሉ መገድታት እዩ ምሂሩና፡ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይዚ ትምህርቲ ድማ እዚ እዩ፦

- ርእስና ገቲእና ኣብ መስመር ቕድድምን ቦታ ቕልስን ክንመላለስን ክንነብርን
- ኣብ ሓሳብ ኣምላኽን ምኽሩን ኣቲና፡ ነቲ ናይ ዘመናት ምኽሩ ብምርዳእ መጻኢናን ናብራናን ራእይ ክህልዎን በቲ ራእይ ድማ ተቀይድና ክንነብር
- ኣብ መንጎ ዝተመናተወ ዓለም፡ ማለት ሰናይ ምግባር እንዳደለካ ኣብ ዘይትኽእለሉ እዋን፡ ጸጋ ኣምላኽ እቲ እንኾ መገዲ ራእይናን ሓሳብ ኣምላኽ እንፍጽመሉ ምኳኑ ምርዳእ
- ሕጊ ኣምላኽ ሰናይን ባህ ዘብልን እዩ፡ ንምኽሪ ኣምላኽ ዝፍጽም ድማ ሕጊ ኣምላኽ (ሕጊ ክርስቶስ (ገላ 6:3)) እዩ። ሓሳብና ሰናይ ክገብር ዋላ ይድለ እምበር፡ ግብርና ኣንጻሩ እዩ ዝጓዓዝ፡ ኮይኑ ግና ራእይ ናይ ናብራን ህይወትን እንተሃልዩና ካብ ምግባሩ ኣይክንዕገትን ኢና
- ኣብ ህይወት ብዘይ ጸጋ ኣምላኽ ምንም ነገር ክንገብር ኣይንክእልን ኢና
- ኣብ ህይወት እንዳ ነበርኻ፡ ከም ኣብ ስፍራ ቕልስን ቅድድምን ዘሎና ከምቲ ሕጊ ጌርና ክንቃለስን ክንቀዳደምን ኣሎና። ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ የሱስ ዓቀይታይ ኮንኻ መከራ ምጽጋብ'ውን እዩ (2ጢሞ 2:1-7)
- ኣብ ቃል ኣምላኽን ሓሳብ ኣምላኽን ዝተሰረተ ህይወት ክህልወና፡ ኣብ ናብራናን ህይወትናን ንክርስቶስ ዚከውን ህይወት ክህልወና ግድን እዩ

### ሕቶታት

1. ኣብ ህይወትኻ/ኺ ተገራጫዊ እትብሎ ሓሳባት ኣሎ'ዶ? እንተሃልዩ ኣብ ንሓድሕድኩም ተዘራሪብሉ? ነዚ ተገራጫዊ ሓሳባት ከመይ ጌርካ ምፈታሕካዮ/ክዮ?
2. ኣብ ህይወትኻ/ኺ ንሓድሕዱ ዝተጠናነገ ምውሳን ዘሰኣንካኡ/ክሉ ናይ መጻኢ መደባት ናይ ናብራ ነገራት ኣሎ'ዶ? ነፍሲ ወከፍኩም ኣብነታት ጥቐሱ፡ ከመይ ጌርካ/ኪ ከምዝፈታሕካዮ/ክዮ ንገር?
3. ምስ ሓሳብ ኣምላኽን ፍቓድ ኣምላኽ ንመጻኢኻን/ክን ናብራኻን/ክን ከመይ ከተዛምዶ/ድዮ (ክትቅይሮ/ርዮ) ትደሊ/ልይ?
4. ንክርስቶስ ዝኸውን ህይወት ከመይ እዩ? ኣብዚ ህይወት ንህይወትካ ከተእትዋ/ውያ እንታይ ትገብር/ሪ?

### መጠቓለሊ

ህይወት ከም ዝገለጽናዮ ብብዙሕ ማሕለኻታት ዝተከበት እያ፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝኸውን ውሳኔታት ንምውሳን ድማ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ክልተ ዝተመናተወ ናይ ዓለም ቕሪቑስ ስለ ዘሎና፡ ነቲ ንስጋ ዝሰማማዕ እንዳ ቆረጽካ፡ ነቲ ምስ መንፈስ ኣምላኽ ዝኸይድን ዝሰማማዕን ምምራጽ እዩ። ልዕሊ ማንም ነገር ድማ ጸጋ ኣምላኽ ኣኺሉ ዝተርፍ እዩ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ንምኽሓሉ ነገር ስለ ዘሎና ኢና። ቃል ኣምላኽ ነዛ እንነብረላ ዓለም ኣጽኒዑ ዝሓዘ እዩ (እብ 1:3)፡ ናይ ናብራናን

***መጻኢናን ውሳኔታት ድማ ኣብ ኢድ እቲ ህያው ኣምላኽናን ስልጣን ቃሉን ክምዕቖብ ብግድን ይግብኦ።***

## እትጽናዕ ጥቕሲ

*"ዓለም ትሓልፍ እያ፡ ፍትወታ ኸኣ፡ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘልኣለም ይነብር።" 1ዮሃ 2፡ 17*